# ኤርትራ፣ ምድሪ ባሕሪ
# ሳልሳይ ምዕራፍ
# ቀዳሞት ኣድራጋ ጠያይቲ



(6)

ደራሲ – ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ

ኤርትራውያን፡ ዝኾነ ሰብ ይኹን ካልእ ህይወት ዘለዎ ፍጡር፡ ንሞት ከም ዝቓላዕ ስለ ዝኣምኑ፡ ንደቆምን ስድራ-ቤቶምን፡ ኣብ ዕዳን ዕንድዳን ከይሸመሙ፡ ዝግባእ ሓድጊ ሞት ዘስዓቦ ዋጋ ኸፊሎም ህይወቶም ዝመርሑ ሰባት እዮም። ንዝሞቱዎም ዓበይቲ መራሕቶም፡ ኣቕሸሸቶምን መሻይኻቶምን እናኣኽበሩ፡ ሞት ንዘጋጠሞም ሰባት፡ ኣውራ ንዕድመ ዘይደፍኡ ብግቡእ ይሓዝንሎምን ይበኽዩሎምን።

ኣብ ቆላታት ኤርትራ ዝሰፍሩ ኤርትራውያን እንተ ረኣና፡ ኣብ ኣገባብን ስነ-ስርዓትን ሓዘን፡ ደቀ-ኣንስትዮ፡ ከም መግለጺ ሓዘነን ብምረት ይበኽያን ይልህልሃን፡ ሓመድ ኣብ ርእሰንን ክዳውንተንን ብዘይ ዕረፍቲ ይንስንሳ፡ ጸጉረን ይላጽያ፡ ሴፍ (ጉራደ) ኣልዒለን ይድብላ፡ መዋቲ መቕርበን ወዲ ተባዕታይ ምስ ዝኸውን ክዳውንቱ ይለብሳ። ደቂ-ተባዕትዮ ነነሕድሕዶም በቲ ዘጋጠመ ይጸናንዑን፡ ገለ ኣብ ቁዱስ ቁርኣን ዝርከቡ ከም "ኣየት ያሲንን ኩርስን" (1) ዝኣመሰሉ ምዕራፋት፡ ካብ መዓልቲ ሓዘን ክሳዕ ሳልስቲ ብሓባር ኮይኖም የንብቡ።

ሓደ፡ ካብ ኣዝማድ እድሪስ ከም ዝሞተ ምስ ተፈልጠ፡ ብዙሓት ደሃይ ክፈልጡን ክገብሩን፡ ናብ ገዛ እድሪስ ብምምልላስ የጸናንዑ፡ ሓደ ካብ'ቶም ደሃይ ንምግባር

(1) ኣብ ቅዱስ ቁርኣን ዝርከባ ጥቕስታት።

ቀልጢፉ ዝመጸ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ኮይኑ፣ ንእድሪስ እናጠመተ፣-“መን እዩ ዓሪፉ?” ክብል ብቕጽበት ሓተተ።

እድሪስ ተቐብሉ፣-“ወላዲትና ሙሉክ ዓብዱ ኣልቓድር እየን፣ ጽንዓት ንዂላትና የውርደልና።” ሓዘን ብዝምልኦ ገጽ መለሰ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፣-“ምሕረት ንዂላህና የውርደልና።” ክብል ብልዑል ድምጺ መለሰ።

እድሪስ፣ ሕማቕ ከምዝረኸበ፣ ዝዓረፈት ወላዲቱ ከም ዝኾነት ኣብ ኩሉ እቲ ከባቢ ተሰምዐ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፣ ግዜ ከይወሰደ፣ ኣፍቂዱ ንዕዳጋ ከብቲ ብምኻድ፣ ኣብ'ቲ ሓዘን ዝሕረድ ሓደ ብሰዋክኒ [2] ዝፍለጥ ጉልቡት በጊዕ ዓደገ። ገዛ ምስ በጽሐ፣ ዝገዝኦ በጊዕ ሓረዶ። ጽንሕ ኢሉ መንሱር ወዲ እድሪስ፣ ካብ ሹቕ ዝዓደጎ ኣሕምልቲ ንወላዲቱ፣ ምስ ካልእ መግቢ ክትኸሽና ኣረከባ።

እድሪስ፣ ማሕጁብ ኣልጃዕሊ ምስ ገለ ውልቀ-ሰባት እናተዛረበ፣-“ንሓዘን ዝኸውን ዳስ ተቐላጢፍና ክንተኽሎ ይግባእ።” ክብል ተሰምዐ።

እድሪስ፣ ብወገኑ ንዓርኩ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ጸውዑ፣-“ምትካል ዳስ ንምንታይ ኣድለየ።” ብለውሃት ሓተተ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፣ ተቐዳድሙ፣-“ስነ-ስርዓት ሓዘን ኣባናን ኣባኹምን ከም ባህልን ልምድን ዝፈላለ ኾይኑ ኣይስመዓንን። ናይ ሓዘን ዳስ ግን ጽንዓት ይሃብኩም ዝበሃለሉ፣ ንመዓልታት ዝሕዘነሉ ቦታ ብምኻኑ፣ ንምትካሉ ንጎረባብትን ቀረብ ኣዝማድን ዝግደፍ ዘየሸግር ጉዳይ እዩ።” ዕትብ ኢሉ ሓሳቡ ገለጸ።

ፍርቂ መዓልቲ፣ እተን ዝተኣከባ ደቀ-ኣንስትዮ፣ ኣውራ እተን ብዕድመ ዝደፍኣ፣ ብመሰረት ዝበዝሓ ቀብላታት ትግረ ዝኽተልኦ ብሓነፌ ዝተባህለ እስላማዊ እምነትን ኣገባብን፣ ሬሳ ወይዘሮ ሙሉክ ዓብዱልቓድር፣ ብግቡእ ሓጺበንን ጥዑም ጨና ነስንሰናሉን፣ ገለኣን መስርሕ ምሕጻብ ሬሳ እናተኻየደ ከሎ፣ ኣብ ርእሰንን ክዳውንተንን ሓመድ እናነስነሳ ብምረት ክበኽያ ጀመራ። ሰብኡት ብወገኖም፣ ካብ ጥቕስታት ቁዱስ ቁርኣን እናኣንበቡ፣ ሰላት ኣልጅናዛ [1] ሰጊዶም፣ ነቲ ሬሳ ናብ ዝተወሰነሉ መካነ መቓብር ብምብጻሕ፣ ስነ-ስርዓት ምቕባር ፈጺሞም ተታሕዞም ንገዛ እድሪስ ተመልሱ።

ኩሎም ምስ ተመልሱ፣ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብሃንደበት፣ ገለ ኣዝማድ ነፍሰ-ሄር ወይዘሮ ሙሉክ ዓብዱልቓድር፣ ሴፍ ሒዘን እናሳዕሰዓን ኣብ ርእሰን ሓመድ እናነስነሳን ተዓዘበ፣ ብዙሕ ኣቓልቦ ከይሃበ፣ ኣብ ጎኒ ዓርኩ እድሪስ ብምኺን፣ ኣድህብኡ ኣብ እቲ ጽንዓት ይሃብኩም ኣቶኮረ።

---

[2] ሰዋክን ሓንቲ ኣብ ምብራቕ ሱዳን እትርከብ፣ ብብዝሒ ኣባግዕ እተፈሪ ምጥንቲ ከተማን እያ።
[1] ሰላት ኣልጅናዛ፣ ብሓባር ንመዋቲ ተባህሉ ዝስገድ ሰላት።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን፡ ብዛዕባ ኣብ ጊዜ ሓዘን ዝዝውተር ናይ ጽንዓት ይሃብኩም ኣገባብ ፍልልይ ከም ዘሎዎ ብቐሊሉ ክዕዘብ ከኣለ። ኣብ ኤርትራ፡ ሓዘን ምሸት ድሕሪ ሰላት ኣልመቕርብ ወይ ሰላት ኣልዒሻ ምስ ተጀመረ፡ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ ሓደ ጫፍ ናይ እቲ ዳስ ኮፍ ይብሉ። ካብ ቅዱስ ቁርኣን ገለ ካብ ሱረት ያሲን ኣንቢቦም ምስ ወደኡ፡ በብሓደ ብድድ-ብድድ እናበሉ፡ ንስድራ-ቤት መዋቲ ጽንዓት ይሃብኩም እናበሉ ይወጹ። ኣብ ሱዳን ግን፡ በጻሕቲ ሓዘን፡ ኣብ ቅርዓት ናይ ሓዘን ዳስ ምስ በጽሑ፡ ኮፍ ከይበሉ፡ ነፍሰ-ወከፎም ክልተ የእዳዎም ንሰማይ እንዳ ኣልዓሉ፡ ኣልፋትሓ ብልዑል ድምጺ የስምዑ፡ ገለ ቀለልቲ ጥቕስታት ቅዱስ ቁርኣን ብትሑት ዝበለ ድምጺ ድማ የንብቡ፡ ንስድራ መዋቲ ጽንዓት ይሃብኩም እንዳበሉ ናብ ዝተዳለወ ኮፍ መበሊ የምርሑ፡ ድሕሪ ሓጺር ኮፍ ምባል በብዝመጽዎ ኣገባብ ይኸዱ።
እድሪስ፡ ብዛዕባ ስነ-ስርዓት ጽንዓት ይሃብኩም፡ ኣብ ሓሳብ ጠሕሉ ከሎ፡ ዓርኩ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ዝሑል ማይ ዝመልኣ ብኬርታት ንዝመጸ በጻሒ እናዓደለ፡ በጻሕቲ ናይ ሓዘን ምልክት ኣብ ገጾም እናኣርኣዩ፡ ኣልፋትሓ ምስ ገበሩ፡ በብሓደ ክብገሱ ተዓዘበ። ናይ ሎሚ ስነ ስርዓት ጽንዓት ይሃብኩም ኣብ መወዳእትኡ ከም ዝበጽሐ ኣረጋገጸ።

ኣብ ካልኣይ መዓልቲ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብትሑት ድምጺ፡ ኣብ እዝኒ እድሪስ ቀሪቡ፡-"ካብ ጎረባብቲ ገለ ገንዘብ ኣኪብና ኣሎና።" በሎ።
እድሪስ፡ ካብ ጎረባብቲ ስለምንታይ ገንዘብ ተኣኪቡ ስለ ዘይተረድኦ ተገሪመን ክሓትት ተዳለወን። ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ነቲ ነገር ብምስትብሃል ተቐላጢፉ፡- "ብመሰረት ባህሊ ሱዳን፡ ኣውራ ብመሰረት ባህሊ ኣሕዋትና ቀብላ ጀዓልን፡ ወጻእታት ሓዘን ንምሽፋን ብዝብል ሰናይ ተግባር፡ ጎረባብቲ ንቐረባ መቕርብ መዋቲ ናይ ገንዘብ ሓገዝ የዋጽኡን የበርክቱን እዮም። ገለ ጎረባብቲ ነቲ ከዋጽእዎ ዝግብኦም ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ እንተ ዘይኣተግቢሮም ግዳይ ጸርፍን ላግጽን ጎረባብቲ እዮም ዝኾኑ። ምእካብን ምውጻእን ገንዘብ ንደቂ-ተባዕትዮ፡ ወይ ንብዕድመ ዝደፋኡ ከይተሓጽረ፡ ንደቂ-ኣንስትዮ'ውን ዝምልከት ጉዳይ እዩ።" ክብል መለሰ።

እድሪስ፡ ምግራሙ እናኣዛየደ፡-"ብልቢ የመስግን፡ የቐንየለይን ክብረት ይሃበለይን።" ክብል ግቡእ ኾይኑ ተሰምዮ።
ሓዘን ንሳልስቲ ምስ ተኻየደ፡ ብወግዒ ተዓጽዩ፡ ነፍሰ-ወከፍ ሓዘንተኛን በጻሕን ናብራ ሓዳሩ ክገብር ተዋፈረ።